# ንጉማረታት ጸጉሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት





Basilio Gimo, David Ker

Carol Liddiment

Daniel Berhane Habte


tigrinska

nivå 2



ሓደ መዓልቲ፡ ማንቲለ በቲ ገምገም ፈለግ ይዛውን ነበረ።



ጕማረ’ውን ኣብኡ ነበረት፡ ትዛወርን ገለ ልሙዕ ሳዕሪ ትበልዕን።



ጕማረ ነቲ ማንቲለ ኣብኡ ከምዝነበረ ኣይርኣየቶን’ሞ ብወዝቢ ኣብ እግሪ ማንቲለ ረገጸት። ማንቲለ ነታ ጕማረ እናወጨጨ፡ “ኣቲ ጕማረ! ኣብ እግረይ ረጊጽኪ ከምዘለኺ ክትርእዪ ኣይትኽእልን?” ክብላ ጀመረ።



ጕማረ ንማንቲለ ከምዚ ኢላ ይቕሬታ ሓተተቶ፡ “ኣይትሓዘለይ። ኣይርኣኹኻን። በጃኻ ይቕሬታ ግበረለይ!” ማንቲለ ግና ክሰምዕ ኣይከኣለን ንጕማረ ድማ፡ “ደይመደይ ኢልኪ ዝገበርክዮ እዩ! ሓደ መዓልቲ፡ ክትርእዪ ኢኺ! ዕዳኺ ክትፍደዪ ኢኺ!” ክብል ኣንጸርጸረላ።



ማንቲለ ንሓዊ ክረኽቦ ከደ፡ ከምዚ ድማ በሎ፡ “ኪድ’ሞ፡ ጕማረ ሳዕሪ ኸትበልዕ ካብቲ ማይ ምስወጸት ኣንድዳ። ረጊጻትኒ እያ!” ሓዊ ድማ፡ “ጸገም የለን፡ ማንቲለ ዓርከይ። ልክዕ ከም ዝሓተትካኒ ክገብር እየ።” ኢሉ መለሰሉ።



ዳሕራይ፡ ጉማረ ካብቲ ፈለግ ርሒቑ ሳዕሪ እናበልዐት ከላ፡ “ሸው!” ሓዊ ተባሪዑ ሃልሃል በለ። እቲ ሃልሃልታ ነቲ ናይ ጉማረ ጸጉሪ ከንድዶ ጀመረ።



ጉማረ እናኣእወየት ናብቲ ማይ ክትጕዪ ጀመረት። ኩሉ ጸጕራ በቲ ሓዊ ሓሪሩ እዩ። ጉማረ ብኽያታ ቀጸለት፡ “ጸጕረይ ብሓዊ ነዲዱ! ኩሉ ጸጕረይ ረጊፉ! እዚ ጽቡቕ ጸጕረይ!”



ናይ ጕማሪ ጸጕራ ብምንዳዱ ማንቲለ ተሓጐሰ። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ካብ ሓዊ ብምፍራሕ፡ ጕማረ ብፍጹም ካብ ማይ ኣርሒቓ ኣይትኸይድን እያ።

# Sagor för barn på svenska

berattelser.se

## ንጉማረታት ጸጉሪ ኣልቦ ዝገበሮም ምኽንያት


Skriven av: Basilio Gimo, David Ker
Illustrerad av: Carol Liddiment
Översatt av: Daniel Berhane Habte



Denna saga kommer från African Storybook (africanstorybook.org) och vidarebefordras av Sagor för barn på svenska (https://berattelser.se/), som erbjuder sagor på månge språk som talas i Sverige.



Detta verk är licensierat under en Creative Commons
Erkännande 3.0 Internasjonal Lisens.